# መምርሒ ኣባይቲ፣ ንኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ስደተኛታት

## ኣማራጺታት መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ግላስገው

ንእሽቶ ጽሑፍ 1 - ታሕሳስ 2010

scottish refugee council

Tigrinya

ብዛዕባ እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ብዝምልከት ኣዎንታዊ ውሳነ ምስተወሃብኩም፡ ንናይ ኣባይቲ ኣገልግሎታት ብዝምልከት፡ ልክዕ ከም ካልኦት ዜጋታት ዓዲ እንግሊዝ፡ ሓደ ዓይነት መሰላትን ሓለፋታትን ይወሃበኩም፤ ከምእውን ኣበይ ክትነብሩ ከምእትደልዩ ምርጫ ይወሃበኩም።

ኣብ ግላስገው ክትቕመጡ ወሲንኩም ትኾኑ። ከምዚ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ድማ፡ እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣባይቲ ብኸመይ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉን ከምእውን እቲ ካብ ሆም ኦፊስ (ቀድሚ ሕጂ NASS ዝበሃል ዝነበረ) ትረኽብዎ ዝነበርኩም ሓገዛት ምስኣቋረጸ እንታይ ክትገብሩ ከምእትኽእሉ ይገልጽ።

### መንበሪ ፍቓድ ኣሎኒ – ሕጂ እንታይ ይስዕብ?

እቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንምንባር ሓንሳብ ፍቓድ ምስሃበኩም፡ ድሕሪ ደጊም ሓተቲ ዑቕባ ኣይኮንኩምን። እዚ ማለት ድማ እቲ ኤጀንሲ ዝህበኩም ዝነበረ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከምእውን ኣባይቲ የቋርጽ ማለት እዩ።

## እንታይ ክገብር እኽእል?

- ናብ ባይቶ ከተማ ግላስጎው ናይ ኮብላልነት ማለት ገዛ ኣልቦነት መመልከቲ ጽሑፍ ክትመልኡ ትኽህእሉ።
- ናብ ግላስጎውን ካልኦት ዞባዊ ማሕበራት ኣባይቲ ከተመልክቱ ጀምሩ።
- ብዛዕባ ናይ ግሊ ክራይ ምኽሪ ርኸቡ።

ዓቕሚ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ ድማ፡ ገዛ ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። ስዒቡ ዝመጽእ ክፍሊ፡ ብዛዕባ እዞም ኣማራጺታት እዚኣቶም ዝርዝር ሓብሬታ ከቕርበልኩም እዩ።

**ብናይ ግላስገው ናይ ከተማ ካውንሲል ዝተወሃበ መንበሪ ኣባይቲ ይቕመጥ ኣለኹ። ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?**

ካብ UKBA ናይ ገንዘብ ሓገዝኩም ከምእውን መንበሪ ኣባይትኹም ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ከምዘቛርጽ ዝሕብር ደብዳበ ክትቕበሉ ኢኹም። እንተኾነ ግና መነበሪ ኣባይቲ ከም ዘይብልኩም፡ ናብ ናይ ግላስገው ናይ ከተማ ካውንሲል እንተደኣ ኣመልኪትኩም፡ ግዚያዊ ዝኾነ ኮንትራት ብምፍራም ኣብቲ መንበሪ ኣባይቲ ከምእትጸንሑ ይገብር። ኣብ ናይ ግላስገው ሓተቲ ዑቕባ ናይ ድጋፍ ኣገልግሎታት ዝሰርሕ ጉዳይኩም ዝከታተል፡ ክበስሓኩምን እንታይ ክትገብሩ ከምእትደልዩ ክሓተኩምን እዩ።

**ኣብቲ ብኤንጅል ወይድማ YMCA ዝወሃብ መንበሪ ኣብይቲ እቕመጥ ኣለኹ። ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?**

ካብ UKBA ናይ ገንዘብ ሓገዝኩም ከምእውን መንበሪ ኣባይትኹም ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ከምዘቛርጽ ዝሕብር ደብዳበ ክትቕበሉ ኢኹም። ካብቲ መንበሪ ኣባይቲ ክትወጹ ይግበኣኩም። ኣይትሻቐሉ፡ ኣባይቲ ከምዘይብልኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ደሓር ድማ ቀዋሚ ዝኾነ መንበሪ ኣባይቲ ክሳብ እትረኽቡ፡ ናይ ግላስገው ናይ ከተማ ካውንሲል ንግዚኡ ዝኸውን መንበሪ ኣባይቲ ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም ይግብኦ።

**መንበሪ ኣባይቲ ከምዘይብለይ ምስ ኣመልከትኩ ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?**

ናብ ናይ ግላስገው ናይ ከተማ ካውንሲል ኣባይቲ ከምዘይብልኩም ምስ ኣመልከትኩም፡ ሕቶኹም ብዝምልከት ውሳነ ክሳብ ዝህበኩም መንበሪ ኣባይቲ ክህበኩም ሓላፍነት ኣለዎ። ብዛዕባ ዘለኩም ኣማራጺ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ ግላስገው ናይ ከተማ ካውንሲል መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፥
http://www.glasgow.gov.uk/en/Residents/YourHome/HousingOptions/Homelessness/
ነቲ ዘእተኽሞ ምልክታ ውሳነ ንምሃብ፡ እቲ ካውንሲል ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ። እዚኣቶም ድማ፥

- ኣብዚ እዋን እዚ ወይ ኣብ ቀረባ እዋን መንበሪ ገዛ ከምእትስእኑ የረጋግጹ፡
- ንምንታይ ናትኩም ሕቶ ኣቐዲሙ ክርእ ከምዘለዎ ይውስን፤ ምኽንያቱ ድማ ኣባይቲ ደልዮም ብዙሓት ሰባት ናብኡ ስለዘመልክቱ። ንኣብነት፡ ጥዕናኹም ወይ ጥዕና ምሳኹም ዝቕመጡ ኣባላት ስድራቤት፡ ከምእውን ንኣሽቱ ቆልዑ ኣለውኹምን የብልኩምን፡ ወይውን ቀደም ሓተቲ ዑቕባ ከለኹም ኣብምንትስይ ኩነታት ከምዝነበርኩም ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ግምት የእቱ።
- መንበሪ ኣባይቲ ዝሰኣንክሙሉ ምኽንያት ብናትኩም ጥፍኣት ምኽንያት ከምዘይኮነ የረጋግጽ። ምኽንያቱ ነቲ ዘለኩም መንበሪ ለቒቕኩም ካብ ምውጻእ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብልኩም፡ እቲ ካውንሲል ብፍቓድኩም ኣባይቲኹም ገዲፍኩም ክብለኩም ኣይክእልን እዩ።

**እቲ ካውንሲል እንታይ ከምዝወሰነ ብኸመይ ይፈልጥ?**

እቲ ምልክታ ምስ ኣእተኹሞ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት፡ እቲ ካውንሲል እንታይ ከምዝወሰነ ዝሕብር ደብዳበ ክትወሃቡ ኢኹም። እቲ ውሳነ ጌጋ እዩ ኢልኩም እንተደኣ ትሓስቡ ኰንኩም፡ እቲ ካውንሲል ሕቶኹም እንደገና ንኽርእየልኩም ክትሓቱዎ መሰል ኣለኩም። ከምዚ ቅድሚ ምግባርኩም ብቕልጡፍ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ፥ ነቲ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና በዚ ቑጽሪ እዚ **0800 085 6087** ወይድማ ሓደ ካብዞም ኣብ መወዳእታ እዚ ሓጺር ጽሑፍ'ዚ ተዘርዚሮም ዘለዎ ኤጄንሲታት ብምድዋል ተወከስዎም።

**እቲ ካውንሲል መንበሪ ኣባይቲ ከምዘይብለይ ውሳኒኡ ሂቡ። ስዒቡ ዝመጽእ እንታይ እዩ?**

እቲ ካውንሲል ቀዋሚ መንበሪ ኣባይቲ ክረኽበልኩም እዩ። ናይቲ ዘቅርበልኩም መንበሪ ኣባይቲ መግለጺ ብጽሑፍ ክህበኩም እዩ። እቲ ዘቕርበልኩም ኣባይቲ ነቲ ድሌታትኩም ዘማልእ ኣይኮነን ኢልኩም እንተደኣ ትሓስቡ ኰንኩም፣ ክትቅበልዎ ናይ ግድን ኣይኮነን። እንተኾነ ግና፡ ነቲ ዝቐረበልኩም መንበሪ ቅድሚ ምንጻግኩም፡ ኩሉ ግዜ ካብቲ ብኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና በዚ ቁጽሪ እዚ 0800 085 6087 ወይድማ ሓደ ካብዞም ኣብ መወዳእታ እዚ ሓጺር ጽሑፍ'ዚ ተዘርዚሮም ዘለዎ ኤጀንሲታት ብምድዋል ተወከስዎም።

**ባይቶ ቀረብ ናይ ገዛ ክሳብ ዘዳልወልኩም ክትጽበዩ የብልኩምን። ክሳብ ሽዑ እዚ ዝስዕብ ግበሩ:**

- **ናብ ግላስጎውን ካልኦት ዞባዊ ማሕበራት ኣባይቲ ከተመልክቱ ጀምሩ።**
- **ብዛዕባ ናይ ግሊ ክራይ ምኽሪ ርኸቡ።**

ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መዕቆቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ዘለኩም ኣማራጺታት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/asylum_seekers_and_refugees/asylum_seekers_with_leave_to_remain/former_asylum_seekers_and_homelessness#3

**ካብቲ ናይ ከባቢ ካውንሲል ብኸመይ ክካረ እኽእል?**

ዕድመኹም ልዕሊ 16 ዓመት እንተደኣ ኮይኑ ናብ ዝኾነ ናይ ኣባይቲ ማሕበር ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ካብ ነፍሲወከፍ እትኸድዎ ናይ ኣባይቲ ማሕበር፡ ናይ መመልከቲ ፎርም ከምእውን ብኸመይ ከተመልክቱ ከምእትኽእሉን እቲ ማሕበር ኣባይቱ ብኸመይ ከምዝዕድልን ዝሕብር ሓጺር ጽሑፍ ምስኡ ይህብኹም። መብዛሕትኦም ማሕበራት ብዙሓት ተጸብይቲ ኣለዎም፡ ስለዝኾነ ድማ እዚ ከም እንኮ ኣማራጺ ጌርኩም ክትወስድዎ የብልኩምን።

ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መዕቆቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ ካብ ማሕበር ኣባይቲ ብኸምይ ትክካረዩ ከምእትኽእሉ ዝያዳ ሓበሬታ ድለዩ፥

http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/housing_associations

ምስዚ ቀጥዒ (ፎርም) ማሕበር ኣባይቲ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ዘብሪህ ሓበሬታ ክህበኩም እዩ:

- ነዚ ቀጥዒ ከመይ ገርኩም ከምትመልእዎ
- እንታይ ዓይነት ናይ መንነት ወረቐት ከምዘድልየኩም
- እዚ ፎርም ምስ መላእኩሞ እንታይ ከምዚኸውን
- ማሕበር ኣባይቲ መን ብቐዳምነት ገዛ ከምዝረክብ ውሳነ ከመይ የሕልፍ

**ምርጫ ገዛ ኣብ ግላስጎው**

ነዚ ቀጥዒ ዝጥቀማ ማሕበራት ኣባይቲ

ሓድሕድ ማሕበራት ኣባይቲ ኣብ ምርጫ ዝተሞርከሰ ፍቓድ ዝብል ቀጥዒ ኣለወን። ነዚ ቀጥዒ ዝጥቀማ ማሕበራት ሊንንክ ማሕበር እባይቲ፣ ግላስጎው ማሕበር ኣባይቲን ክዩብ ማሕበር ኣባይቲን እየን።

ኣብ ምርጫ ዝተሞርከሰ ፍቓድ ዝጥቀማ ማሕበራት ኣባይቲ ኣብ ትደልይዎ ከባቢ ን ዓይነት ገዛን ናይ ምምራጽ ዝያዳ ዕድል ክህባኹም ዕላምአን እዩ።

ንክራይ ድልዋት ዝኾና ኣባይቲ ሰሙናዊ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ጋዜጣን ወብሰይትን ይዝርግሓ።  ናይ ምርጫ ዝተሞርከሰ ፍቓድ ተገልገልቲ ናይሙኻን ዕድል ክወሃበኩም ናይ ምዝገባ ወ መመልከቲ ወረቐት ክትመልኡ ይግባእ። እቲ ፎርም መሊእኩም መሰእተኹሞ እቲ ማሕበር ኣብ ውልቃዊ ኩነታትኩም ብምሙርካስ ቀዳምነትኩም ዘለሊ ፍሉይ ቁጽሪ ይህበኩም።

ካብቲ ተዘርግሐ ሊስታ ትደልይዎ ገዛ እንተረኺብኩም ኣብ ወብሳይት ኣቲኽም ብምጭራት ወይ ብተሌፎን ደዊልኩም ድልየትኩም ክትገልጹ ይግባእ።  እቲ ዝለዓለ ቀዳምነት ዘለዎ/ዋ ሰብ በቐዳምነት ገዛ ይወሃቦ/ባ።

## ካብ ናይ ግሊ ኣካረይቲ ብኸመይ ክካረ እኽእል?

ናይ ግሊ ኣባይቲ ክትረኽብሉ እትኽእልሉ ብዙሕ ዝተፈለለየ መንገዲታት ኣሎ። ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፥

- ቤተሰብኩም፣ ፈተውትኹም፣ ወይ መሳርሕትኹም ዝካረ ኣባይቲ ዝፈልጡ እንተኾይኖም ሕተትዎም።
- ኣብ ድኳናት ከምእውን ኣብ ናይ ዕዳጋታት፣ ናይ ማሕበረኮም ማእከላት፣ ወይድማ ናይ ኮለጃትን ዩኒቨርሲታትን ናይ ምልክታ ሰሌዳ ዝልጠፍ መዋዓውዒ ተመልከቱ። መንበሪ ኣባይቲ ትደልዩ ከምዘሎኹም ዝገልጽ ምልክታ እውን ባዕልኹም ክትልጥፉ ትኽእሉ ኢኹም።
- ኣብ ናይ ውሽጢ ጋዜጣታትን መጺሄታትን ዝልጠፍ መዋዓውዒ ተመልከቱ።
- ኣብ ኢንተርነት ድለዩ፥ ብዛዕባ ዝካረ ንብረት ዝሕብራ ብዙሓት መርበብ ሓበሬታት ኣለዋ።
- ነቲ ናይ ከባቢኹም ካውንሲል ብግሊ ዘካርዩ ወነንቲ ኣባይቲ ይፈልጥ እንተኾይኑ ሕተትዎ።
- ነቶም ዘካርዩ ኤጀንሲታት ተወከስዎም – ኣብ መብዛሕትኡ ናይ ዕዳጋ ቦታታት ቤት ጽሕፈት ኣለዎም።

ብግሊ ክትካረዩ እንከለኹም ብዙሕ ኣብ ግምት ከተእትውዎም ዝግበኣኩም ነገራት ኣለው። ኣብቲ ኣብ ናይ ስኮትላንድ ስደተኛታት ካውንሲል መርበብ ሓበሬታ ዝርከብ፡ "ካብ ናይ ግሊ ወነንቲ ኣባይቲ ምክራይ" ዝብል ተኻታታሊ ጽሑፍ ቁጽሪ 6 ተመልከቱ። ካብዚ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለና በዚ ቁጽሪ እዚ **0800 085 6087** ብምድዋል ዝያዳ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ።

ኣብቲ ናይ ስኮትላንድ መዕቆቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ብግሊ ዘካረዩ ወነንቲ ኣባይቲ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥

*http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/renting_privately/finding_private_rented_accommodation*

**ተማሃራይ ምስ ዝኾውን'ከ?**

እተ ዩኒቨርሲቲ ወይድማ ኮሌጅ መንበሪ ቦታ ክህበኩም እንከሎ፡ ብዛዕባ መንበሪ ኣባይቲ ሓበሬታ ድማ ክልእኽልኩም ይግባእ። ዋላሓደ እንተደኣ ዘይበጽሓኩም፡ ነቲ ናይቲ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ናይ መንበሪ ክፍሊ ደውልሉ።

ተማሃራይ እንተደኣ ኰንኩም፡ ነቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ተማሃሮ መንበሪ፡ ዝርዝር ሊስታ ንተማሃሮ ዘካርዩ ወነንቲ ኣባይቲ ንኽህበኩም ሕተትዎ።

ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ መዕቀቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ናይ ተማሃሮ መንበሪ ኣባይቲ ብኸመይ ከምእትረኽቡ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክቡ ትኽእሉ፥

[http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/student_accommodation](http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/student_accommodation)

ከም ተማሃራይ መጠን፡ መንበሪ ኣባይቲ ንምርካብ ናብ ማሕበር ኣባይቲ ወይድማ GHA ክተመልክቱ ትኽእሉ ወይውን ናይ ግሊ ዝካረ መንበሪ ኣባይቲ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ገዛ ብኸመይ ክገዝእ እኽእል?**

ገዛ ክትገዝኡ ከለኹም ካብ ነጻ ዝኾኑ ናይ ገንዘባ ማለት ፍናንሳዊ ኣማኸርቲ: እቲ ዋጋ ገዛ ልዕሊ ዓቕምኹም ከይከዊን ንመጻኢ እውን ዋንነት ናይ ገዛኹም ከተውሕሱ ከምትኽእልዎ ንምርግጋጽ ምኽሪ ክትረኽቡ ፈትኑ።

ገዛ ክትገዝኡ እንከለኹም፡ ሕጋዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ናትኩምን ናይቲ ሸያጣይን ድሌታት ኣብ ግምት ብምእታው ይሰርሕ። ምኽሪ ክትረኽቡ ይግባእ፡ ብዝበለጸ ድማ ካብ ጠበቓ እንተኾይኑ ይምረጽ። እዞም ዝስዕቡ እቲ ክትገብርዎ ዝግበኣኩም ቀንዲ ነገራት ይገልጹ፥

- ገዛ ክትገዝኡ ዓቕሚ ከምዘለኩም ኣረጋግጹ – ከምእውን ኣብልዕሊ እቲ ናይቲ ገዛ ዋጋ፡ ካልእ ከምኒ ናይ ሕጊ ወይድማ ናይ ቀየሳ ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ኣለዉ።
- ነቲ ሕጋዊ መስርሕ ዝከታተለልኩም ጠበቓ ርኸቡ
- እቲ እትደልይዎ ገዛ ርኸቡ

ገዛ ክትገዝእ እንከለኻ ዝግበር ርጉጽ ዝኾነ መስርሕ ኣሎ፡ ከምእውን እቲ ነዓኹም ዘድልየኩም ንግቡእ ንምርካብ ግዜ ክወስድ ስለዝኽእል ወጻኢታት ክበዝሕ ይኽእል እዩ፡ ስለዝኾነ ድማ እኹል ምኽሪ ክትረኽቡ ይግበኣኩም።

ስኮትላንድ መዕቀቢ ዝብል መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ገዛ ምግዛእ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥

[http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/buying_a_home](http://scotland.shelter.org.uk/getadvice/advice_topics/finding_a_place_to_live/buying_a_home)

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

**ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ናይ ስደተኛታት ኣባይቲ ዝግደስ ጉጅለ**

ምኽሪ ንምርካብ ወይድማ ምስ ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ ቀጸራ ምንሓዝ በዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ብናጻ ደውሉ፥ 0800 085 6087

**ናይ ስኮትላንድ ዑቕባ**

ናጻ ምኽሪ ንምርካብ በዚ ቁጽሪ እዚ ደውሉ፥ 0800 800 4444

**ኣዎንታዊ ዝኾነ ናይ ኣባይቲ ስጉምቲ**

ብዛዕባ ዝህብዎ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ንምርካብ ናብዚ ስልኪ ቁጽሪ'ዚ ደውሉ፥ 0141 353 2220